# ሰንበት ዘምኵራብ ጾም ፫ 2018 ዓ.ም.

## የካቲት 22 2018 ዓ.ም. (3/21/ 2026)

**መዝሙር፡** ቦአ ኢየሱስ ምኵራበ አይሁድ ወመሃረ ቃለ ሃይማኖት... ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣተወ። ካብ መስዋዕቲ ምጽዋት እፍተወኒ ኣነ ዋንኣ ንሰንበት ኣቦኣ ንምሕረት እየ፥ ንቤት ኣቦይ ቤት ሸቐጥ ኣይትግበርዋ ቤተ ጸሎት እያ እትስመ፥ሰንበት ኣኽብሩ ሠናይ ግበሩ ንብጻይኩም ኣፍቅሩ ንድኻታትን መሳኺንን ራሕርሑ እምነት ክተሕድሩ።

**ንባባት፡** ቆላ 2፡16-ፍ፥ ያዕ 4፡1-12፥ ግ.ሓ 5፡17-30፥ ማር 11፡15-19።

**ስብከት፡** 1.እስመ ቅንአተ ቤተከ በልዓኒ፥ ትዕይርቶሙ ለእለ ይትዔየሩከ ወድቀ ላዕሌየ፤ ወቀጻዕክዋ በጾም ለነፍስየ ንቤትካ ዘሎኒ መንፈሳዊ ቅንኢ ከም ሓዊ የንድደኒ ኣሎ፥ ጸርፊ እቶም ዝጸርፉኻውን ኣባይ ወደቐ፥ ንነፍሰይ ብጾም ኣሕሳእክዋ። መዝ. 69፡9።

ኣብ መዓልቲ ሰንበት ንኣምላኽ ዘሕጉስ ነገር ክንገብር፥ ሕይወትና ቤት ኣምላኽ ገርና ክንጉዓዝ። ሰናይ እናገበርና ንሓውና ሓፍትና ክነፍቅር እሞ እምነትና ሕያው ክንገብር ከም እንኽእል ይነግረና። ኢየሱስ ነዚ ኣብ ቤተ መቕደስ ሰቢኽዎ ሎሚ እውን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ብቤተክርስትያኑ ገሩ ይሰብኮ ኣሎ።

ጊዜ ጾም እና ዘሎና ንኣምላኽ ሰሚዕና ክንክእል ዝሕግዘና ቅዱስ ጉዕዞ ሕይወት ኢና ሒዝና ዘሎና። ኣብ ቤተ ኣምላኽ ኣቲና ቃሉ ክንሰምዕ፥ ካብ ሥጋኡን ደሙን ተኻፊልና ክንሕደስ ክንልወጥ እሞ ምልኣት ክንረክብ ሽዑ ምስኡ ሓደ ክንከውን። ቤት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ብጋሻ ሓሳብን መንፈስን ከይንመልኦ ክንጥንቀቕ ይነግረና። ምሉእ ምእነት ኣባና ክኃድር ከኣ ሰንበት ኣኽብሩ ሠናይ ግበሩ ንብጻይኩም ኣፍቅሩ ንድኻታትን መሳኺንን ራሕርሑ እናበለ ናይ ሎሚ መዝሙር ብፍሉይ ኣብዚ ጊዜ ጾም ኣርብዓ ክነዘውትሮ ዘሎና ደጋጊሙ ይነግረና። ዝሰምዕ እዝኒ ይሃበና።

ንሎሚ ዝተነበና ወንጌል ኀ.ኢ.ክ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ኣትዩ ዝገበሮን ዘስተምሃሮን ይነግረና። ማርቆስ ብዛዕባ ካብ ቤተ መቕደስ ዝሰጎጎ ኣብ ጥቓ መጨረሻ ወንጌሉ ይነግር፥ ዮሓንስ ወንጌላዊ ግን ኣብ መጀምርታ ክፍሊ ወንጌሉ እዩ ዝነግረና። ቅ. ዮሓንስ ኣብ መዓልቲ ፋሲካ ኣይሁድ ከም ዝገበሮ ነግር። ፋሲካ ኣይሁድ ዓቢ ብዓል እዩ ኣብ ብሉይ ኪዳን።

ከም ሕጊ ሙሴ ኣብዚ ዓቢ ብዓል ነፍሲ ወከፍ ተባዕታይ እስራኤላዊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐርብ ኣልኦ (ዘጽኣ. 34፡23 ዘዳግም 16፡16) እቶም ሕጊ ዘኽብሩ ኩሎም ኣብቲ ቤተመቕደስ ከይዶም መስዋዕቲ ከቕርቡ ኣለዎም፥ ሃብታም እንተ ኾነ ብዕራይ ወይ በግዕ ድኻ እንተኾነ ርግቢት ወይ ክልተ ባረቶ ነቲ ዝገበሮ በደል ክስውዕ ኣለዎ (ሌዋ 5፡7) ከምኡ ኣብ ዓመት ካብ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ እንተኾነ ፍርቂ ሸክል ክኸፍል ኣልኦ እዚ መዓልታዊ ውዕለት ብዘመኑ ዝነበረ እዩ። ካልእ ገንዘብ ከም ዲናር፥ ድራክማስ ዝተባህሉ ገንዘብ ናይ ኣረመን ነጋውስ ስእሊ ስለ ዝነበሮም ንምጽዋት ኣይበቕዑን እዮም ተባሂሎም ኣብ ቤተ መቕደስ ከም ምጽዋት ከውድቑ

ፍቑድ ኣይነበረን። እቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝመጽእ ዝነበረ ህዝቢ ብዙሕ ስለ ዝነበረ ጫውጫውታን ድምጽን ነቲ ቤተመቕደ መልክዑ ኣቐይርዎ ነሩ ነብያት እውን ነዚ ብዙሕ ጊዜ ይቃወምዎ ነሮም። ቤተ ኣምላኽ ብኻልእ ክትካእ እንከሎ ጥፍኣት እዩ።

ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ ዝብል ኣብ መዝ. 69፡9 ዘሎ መሰረት ገሩ ኢየሱስ ሕጊ ክመልእ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ኣትዩ ነቶም ዝሸጡን ዝገዝኡን ንዅሎም ካብኡ ሰጒግዎም። ኣብ ቤተ ኣምላኽ ቤት ጸሎት ዝግብኦ ቤት ሸቐጥ ብምግባሮም ካብቲ ቤተ መቕደስ ሰጎጎም። ንእግዚኣብሔር ኣቦይ እናበለ ብምሉእ ስልጣን ንሱ እቲ መስሕ ምዃኑ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾነ ይነግር። ቅ.ማርቆስ ምስ እዚ ኣተሓሒዙ ብምሉእ ስልጣን ከምዝገበሮ ይነግር ነዚ ዝተዓዘቡ መማህርሃን ሕጊ ብናይ መን ስልጣን ኢኻ ነዚ እትገብር ዘሎኻ እናበሉ ሓቲቶሞ (ማር 11)።

ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ነታ እስራኤላውያን ኣብ በረኻ ሒዞማ ዝጉዓዙ ዝነበሩ ታቦተ ኪዳን ተኺኣ ህላዌ ኣምላኽ እትገልጽ እያ ነራ። እቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝግበር ዝነበረ ሎሚ ኣብ ሕይወት ሰባት ክንርእዮ ከሎና ኣምሳል ናይ እቶም ሃይማኖቶም ኣብ ደረጃ ሸቐት ዘውርዱ ንዅሉ ነገሮም ኣብ ሃብቲ ዓለምን ምቾትን ኣድሂቦም ዝጉዓዙ፥ ንዅሉ ነገር ኣብ ሕይወቶም ብንዋይ ተኪኦም ዝርከቡ የስምዕ። ፍረ ናይ እዚ ኸአ ስሳዔ ምዝመዛ ከምኡ ፍቕሪ ካልኣት ምጉዳል የኸትል። ኣብቲ ሓቀኛ ትርጉም ቤተ መቕደስ ወይ ቤተ ክርስትያን ክንርኢ ከሎና ኣምሳል ህላዌ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ ህዝቡ ምዃኑ ዘርኢ እዩ ነሩ። ከምኡ እውን እግዚኣብሔር ብኢየሱስ ገሩ ህላዌኡን ሓይሉን ከም ዝገልጽ እዩ። እንተኾነ ሰብ ነዚ ብኻልእ ተኪእዎ ይጉዓዝ ኣሎ። ጾም ሰብ ጉዕዞ ሕይወቱ ኣብ ኣምላኽ ኸገብር እሞ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ሒዙ ክጉዓዝ ዝሕግዞ እዩ።

## ኣብ ቤተ መቕደስ ክንመላለስ ከም ዝግባእ።

ኣምላኽ ኣብ ቤቱ ክንመላለስ ድላዩ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም እናኸደ ኣብ ቤተመቕደስ ይመላለስ ነሩ፥ ቅ. ጳውሎስ ከምኡ ካልኦት ሓዋርያት ኣብ ቤተ መቕደስ ይመላለሱ ነሮም። ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንመላለስ ከሎና ምስኡ ቀጻሊ ርክብ ንገብር። ኣብ ሕይወትና ንኣምላኽ ዝኸውን ጊዜ ሰሪዕና ክንክእል ኣሎና። ንኣምላኽ ኣብ ናብራና ኣብ ርክባትና ኣብ ግላውን ሓባራውን ሕይወትና ቦታ ክንህቦ እንከሎና ሽዑ ክንምስክሮ ንኽእል። ቅ. ዳዊት ንዑናይ ናብ ቤተ ኣምላኽ ምስ በሉኒ ክንደይ ተሓጎስኩ ይብል። ኣብኡ ምሕረት ሰላም ዕርቂ ኣሎ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ብርእሱ ክርስቶስ ዝርከቦ፥ ኣብኡ ኣብ ቅ. ቍርባን ብመልክዕ ህብስቲ ስለ ዘሎ ካብኡ ተፈሊና ክንነብር ንሓቀኛ እምነትና ኣብ ምልክት ሕቶ የእትዎ እዩ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ምምልላስ እምብኣር ምርጫ ኣይኮነን ኣብ ሕይወትና ከምቲ መግቢ ማይ ኣየር ዘድልየና ከምኡ ግድነት ክንገብሮ ዝግብኣና ጉዳይ እዩ። ሰብ ምስ ኣምላኽ ርክብ ምስ ኣቋረጸ ሽዑ ንዅሉ ክፍኣት ክገብር ድሕር ኣይብልን እዩ። ርክባትና ምስ ኣምላኽ ከመሎ ቤቱ ቤትና ገርናዮ ዘሎና። ከመይ እጉዓዝ ኣሎኹ እናበልና ሕልናና ክንሓትት ይግብኣና። ጉዕዞ ኣብ ኣምላኽ ገጹ ከምርሕ እንከሎ ሰላም ምርድዳእ ምትሕቝቓፍ ኣሎ ስለዚ ንኣምላኽ ክንረኽቦ ኣብ መገዱን ቤቱን ክንመላለስ ምናልባት መገዱ ጠፊኡና ኮለል ንብል እንተለና ሎሚ ክንረኽቦ እዋኑ እዩ። መገዲ ክጠፍኣና ይክእል እዩ ሎሚ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ካብቲ ዝጠፋእናዮ ክንምለስ እሞ ተዓረቐና ክንብሎ እዋኑ እዩ።

## ቤት ኣምላኽ ቤት ጸሎት እዩ።

እግዚኣብሔር ንኣና ክጥዕመና ምእንቲ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ እንከሎ ንሱ ልዕሊ ቦታን ጊዜን እንከሎ ምእንታና ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ ክንረኽቦ ድላዩ ከይኑ። እዚ ቦታ ኣምላኽ እንብሎ ቤተ ጸሎት ቤተ ክርስትያን እዩ። ኣብ 1መቃ 7፡37 *ኦ ጎይታ ነዚ ቤተ መቕደስ እዚ ብስምካ ክስመን ናይ ህዝብኻ ቤተ ጸሎትን መማኅጸንን ኪኸውን ዝኃረኻዮ ንስኻ ኢኻ* እናበለ ቤት ኣምላኽ ቤት

ጸሎት ክንገብሮ ይሕብረና። ኣብዚ ቤት ጸሎት ኣቲና እንተ ጸለናሉ ጥራሕ እዩ ሓቀኛ ትርጉሙ ሒዙ ክጉዓዝ ዝኽእል። ሰባት ብዝተፈላለየ መገዲ መልክዑ ከልውጥዎ ይኽእሉ እዮም። ኣብኡ ክንመላለስ ከሎና ንኣምላኽ ኣብ ቤቱ ንረኽቦ። ጎ.ኢ.ክ. ኣብ ቤተ መቕደስ ይመላለስ ከም ዝነበረ እሞ ኣብኡ ኣትዩ ይጽልን የስተምህርን ከም ዝነበረ ወንጌል ይነግረና። ቀዳሞት ክርስትያን ነዚ ኣብቲ መጀመርታ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ይገብርዎ ነሮም ከምኡ ኣብ ገዛውቶም። ኣመንቲ ብሓባር ተኣኪቦም ዝጸልዩሉ ገዛ ናይ ኩሎም ስለ ዝኾነ ቤተ ክርስትያን ተባሂሉ። ኩሎም ክርስትያን ዝእከቡሉ ማለት እዩ። ኣብኡ ንስሓ ኃጢኣቶም ይረኽቡ ምስ ሓዎም ሓፍቶም ይዕረቑ ኣብኡ ንኣምላኽ ብቐረባ ይረኽብዎ ኣብኡ ንጽጉም ሓዎም ይሕግዙ ኣብኡ ይጥመቑ ኣብኡ ቃል ኪዳን ይኣስሩ ኣብኡ እንተ ሞቱ ፍትሓት ይግበረሎም ስለዚ ሕይወት ክርስትያን ምስ ቤተ ክርስትያኖም ዝተተሓሓዘ እዩ። ሎሚ ቤተ ክርስትያን ንኣምላኽ ክንረኽቦ ኣብ መቕደሱ ኮና ክንመስግኖ ክንልምኖ ትደልየና። ኣምላኽይ ኣብ ቤትካ ከም ዝመላለስ ግበረኒ ንበሎ።

## ቤት ኣምላኽ ልብና እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ ናብ 1ቆሮ 3፡16-17 ቤት መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን፥ መንፈስ ኣምላኽ ኣባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ሓደ እኳ ነታ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣፍረሰ ኣምላኽ ከፍርሶ እዩ፥ እናበለ ኩልና ማሕደር ኣምላክ ከምዝኾና እሞ ነዚ ቅዱስ ቦታ ልብና ብቅድስና ክንሕዞ ከም ዝግብኣና ይነግረና። ቀጺሉ ብተምሳሳሊ ርድኢት  ኣብ 1ቆሮ 6፡19-20 ሰውነትኩም ቤተ መቕደስ ናይ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልክምዎ ኣብ ውሽጥኹም ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም እምብኣር ናይ ገዛእ ርእስኹም ኣይኮንኩምን እናበለ ሓደ ኣማናይ ኣብ ክርስቶስ ብኹሉ ናይ ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ይነግረና። ክርስትያን ማለተ ኣብኡ ኣምላኽ ዝነብር ማለት እዩ። ኣብ ነፍስወከፍና ኣምላኽ ምሳና ኣሎ፥ ንሕና ታቦቱ ኢና ስለዚ ነዚ ፍሉይ ህያብ ኣምላኽ ብምስጋናን ኣኽብሮትን ሒዝና ክንክእል ናታትና ተራ እዩ።

ኣብ ዕለተዊ ሕይወትና ነዚ ቦታ ኣምላኽ ጥራሕ ክኸውን ዝግብኦ ክወርሱ ዝረባረቡ ሕሱማት ጸላእቲ ኣለዉና፥ ብኣኣቶም ተሸኒፍና ምሩኻት ኮና ከይንነብር ሎሚ በዚ ጊዜ ጾም ነቲ ሓቀኛ መሳርያ ክንዕጠቕ ጊዜ ዝህበና እዩ። ልብና ክፉት ስለ ዝኾነ ኣብኡ ዝኣቱ እነፍቅድ ባዕልና ኢና። ኣብ ልበይ ኣብ መንፈሰይ ከእትዎ ዝግብኣኒ ወይ ከኣ ከይኣቱ ደው ከብሎ ዝግብኣኒ ዘፍቅድ ኣነ ስለ ዝኾንኩ ኩሉ ጊዜ ንዝመጽኣኒ ጋሻ ፈሊጠ ከእትዎ ኣሎኒ። ልብና ካልኣት ከይውንንዎ እሞ ቤት ኣምላኽ ምዃኑ ከይሓድግ ዓቢ ምስትውዓል ይሓተና። ሰብ ዝዓበየ ጉድኣት ዝወርዶ ልቡ ንኣምላኽ ከይኣቱ ምፍቃድ ክኽልክል ከሎ ጥራሕ እዩ። ንኣምላኽ ቦታ ዝኸልእ ልቢ ክምሕር ክዕረቕ ሰናይ ክገብር ከምኡ ኣብ ቅድስና ክበጽሕ ከቢድ እዩ። ነዚ ከቢድ ፈተን ኣብ ጊዜ ጾም ኣርብዓ ክነሸንፎ ቀሊል እዩ። ጎይታይ ኣብ ልበይ እቶ ጥራሕ ንበሎ።

## ቤት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ሓቀኛ መልክዑ ነልብሶ።

ሰብ ንእግዚኣብሔር ክመስል ምስኡ ክነብር እዩ ተፈጢሩ እንተኾነ ንመገዱ ስለ ዝሰሓተ ንኣምላኽ ክመስል ጻዕሪ ኣድልይዎ። ነዚ ንኣምላኽ ምምሳል ዝኾነ ዓላማ ተፈጥሮ ወድሰብ ናትና ድኽመትን ብዝጓነፈና ፈተናን ዘይመልክዑ ነልብሶ። ክርስቶስ ከም ዝብሎ ብዓቲ ሰረቕቲ፥ ቤት ቂምታ፥ ሓመታ፥ ክፍኣት ኩሉ ንገብሮ፥ ነዚ ክነጽሪ ምቹእ ጊዜ ሎሚ እዩ። ኣብ ልብና ኣቲና ክነጽርዮ ነቲ ንመልክዕ ኣምላኽ ተኪኡ ገዚእና ዝርከብ ክፍኣትና ትዕቢትና ሕመቕና፥ ቀንጢጥና ታቦት ኣምላኽ፥ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ክንገብሮ ሎሚ ፍቓደኛታት ንኹን። ኣብ ልበይ እቶ ናትካ ግበረኒ ጓዕጺጹ ሒዙኒ ንዘሎ ጸላኢ ካብኡ ነጻ ክወጽእ ጸጋኻ ሃበኒ ተዓረቐኒ ንበሎ።

ብኢዮኤል ነብይ አቢሉ "እግዚአብሔር እምብአርሲ ሕጂውን ብፎምን ብብኽያትን ብቚዝማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደአ ቕደዱ" ይብል አሎ (ኢዮኤል 2፡12)፥ ቀዲሉ አብ እምባ ጽዮን (ልብና) መለኸት ንፍሑ ጾም አውጁ አኼባ ጸውዑ ይብል። ሎሚ እውን እዚ ቃላት አብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ክአቱን ክእወጅን አለዎ። ምሕረት አምላኽ ክንረክብ ብልቢ አብ ልብና ተመሊስና ጽን ክንብሎ አሎና። ጾምና ትርጉም ክህልዎ እንተ ኾነ ብልቢ ዝተሰነየ ክኸውን አለዎ።

ማርያም እታ ቀዳመይቲ ንአምላኽ አብአ ድላዩ ክገብር ዘፍቀደት አብ ከርሳ ካልአይ አካል ቅድስት ስላሴ ክሓድር ዘፍቀደት ቀዳመይቲ ፍጥረ እያ። መገዲ አምላኽ ቋንቋ አምላክ እትፈልጥ፥ ንኹሉ ፈተናታት ዓለም ዝረኸበት ግን ዘይተሸነፈት፥ ስደት ጥመት ውርደት ኩሉ ዝረአየት እያ። ነዚ ኹሉ ጸባባ ጸራ ዝኸአለት ሓንቲ መዓልቲ እውን ካብ ገጽ አምላኽ ዘይተኸወለት ስለ ዝኾነት ሎሚ ንሕና ምስአ ክንጉዓዝ መገዳ ክንክተል እንከሎና መገድና ከይሰሓትና አብቲ ወዳ ዘለዎ ክተብጽሓን ትኽእል እያ። አብ ገለ እዋን መገዲ ይጠፍአኒ አሎ አብ ገለ እዋን ሥጋይ የጥቅዓኒ አሎ አብ ገለ እውን ርጉም ሸይጣን ይዕወተለይ አሎ እሞ አብ ጎነይ ኩኒ ብፋላይ ከአ ነዚ ጊዜ ጾም ጊዜ ጸሎት ጊዜ ንስሓ ከምቲ ዝድለ ክጉዓዞ ለምንለይ ንበላ። ማርያም አብ ዘላቶ ወዳ አሎ ክተስምዖ ክትልምኖ ክእለት አለዋ ንሳ እትብለና ወደይ ዝብለኩም ግበሩ እዩ። ድላይ ወዳ ንግበር ንስሓ ንአውጅ ሽው አብ ቤቱ አቲና ምሉእ ዕርቂ ንግበር።

ርሕሩሕ አምላኽና አብዚ ቅዱስ እዋን ጽዋዕ ቅድስና ተቐቢልና ሃሌ ሉያ እናበልና ክንዝምር ከኽእለና ብሓበራ ብምሉእ ልብና ንለምኖ። አብ ኩል አምላኽ ዝተመስገነ ይኹን። ብሩኽ ጾም።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ